# ሰንበት ዘገብር ኄር (ጾም ፵) 2018 ዓ.ም.

## መጋቢት 13 2028 ዓ.ም. (3/22/2026)

### ንህያባት ኣምላኽ ኣፍሪኻ ምኽኣል

መዝሙር፡ መኑ ውእቱ ግብር ኄር ወምእመን ዘይረክቦ እግዚኡ በምግባረ ሠናይ... መን እዩ እቲ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ ንጎይትኡ ጽቡቅ ክገብር ዝጸንሖ እሞ ጎይትኡ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ገንዘቡ ዝሸሞ እንደገና ከኣ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ ብሒደት ተኣሚናካ ኢኻ እሞ ኣብ ብዙኅ ክሸመካ እዩ፥ ናብ ታሕጓስ ጎይታኻ እቶ።

ንባባት፡ 1ቆሮ 4፡1-9፥ 1ጴጥ 2፡11-19፥ ግ.ሓ.16፡9-18፥ ማቴ 25፡14-30

ስብከት፡ከመ እንግር ፈቃደከ መከርኩ ኣምላኪየ፥ ወሕግከኒ በማከለ ከርስየ ዜኖኩ ጽድቀከ በማሕበር ዐቢይ። ኣምላኸይ ፍቓድካ ንምግባር ባህጊ ኣሎኒ፥ሕግኻ እውን ኣብ ውሽጢ  ልበይ እዩ፥ጽድቅኻ ኣብ ጉባኤ ኣብሰርኩ መዝ. 40፡8።

መዝሙር፡ መን እዩ እቲ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ ጎይትኡ ኣብ ሰናይ ግብሪ እንከሎ ዝረኽቦ እናበለ ናይ ሎሚ መዝሙር ነዚ ሰንበት ክነስተንትን ይሓተና። ኣብ ሰናይ ግብሪ እንከሎና መዓልቲ እግዚኣብሔር እንተ መጸት ዕዉታት ኢና። ዝሓለፈ ሰንበት መዓልቲ ኣምላኽ ብዘይትሓስበ ሰዓት ክትመጽኣኩም እያ ስለ ተሰናዱ'ኹም ጽንሑ ዝብል ኣስተንቲና ሎሚ እውን ምስኡ ዝቕጽል እዩ ኣስተንትኖና።

ኣምላኽ ኣፍረይቲ ክንከውን እዩ ዝደልየና። ኣብ ተፈጥሮ ንመጀመርያ ወለዲ ዝተዋህቦም ትእዛዝ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋን ምለኽዋን (ዘፍ 1፡28ፍ) እናበለ ኣብ ዓለም ዘሎ ኹሉ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክጥቀሙሉን ከፍርዩን ተዋሂብዎም። ኣብ ወንጌል በቲ ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋ ገለና 30፥ 60፥ 100 (ማቴ 13፡8) ክነፍሪ ከምዝደሊ ይነግረና። ነርድእቱ ክልእኮም እንከሎ ኪዱ ኣብ ኩሉ ዓለም ስብኹ ክብሎም እንከሎ ኣብ ተልእክኦም ከፍርዩ ከምዝደሊ ነጊርዎም። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ከምቲ እንኽእሎ ክነፍሪ ጸግኡ ይህበና።

ወንጌል ማቴዎስ ብዛዕባ ምስላ ምእክሊት ይነግረና። ኣብዚ ምሳሌ እቲ ጎይታ መጀመርያ ኣብቶም ኣገልገልቱ ምሉእ እምነት ገሩ ገንዘቡ ከፍርዩሉ ብዘይ ኣፈላላይ ከከም ዓቕሞም ሂብዎም። ዝውሃቦም ገንዘብ እኹል ገንዘብ እዩ ወላ ነቲ ብዓል ሓደ ምእክሊት ዝተዋህበ እኹል እዩ ነሩ። (ሓደ ምክሊት ሽድሽተ ሽሕ ደናሪ እዩ ሓደ ዲናር ናይ ሓደ መዓልቲ ዶመዝ እዩ)። ንነፍስወከፎም ከምቲ ዝተዋህቦም ከምዝጽበዮም ሓቢሩ ንመገሻ ከይዱ።

ካብ መገሽኡ ምስ ተመልሰ ጸብጻብ ክሓትት ምስ ኣገልገልቱ ኮፍ ኢሉ። እቶም ክልተ ቀዳሞት ኣበርቲዖም ስለ ዝሰርሑ ዕጽፊ ከፍርዩ ክኢሎም። እዚኦም ኣምሳል ናይ እቶም ኣምላኽ ጸግኡ ዝሃቦም እሞ ዘፍረዩ እዩ ዘመልክት። እቶም ዘየፍረዩ ከኣ ኣምሳል ናይ እቶም ፈርሓት ዘይትጉሃት እሞ ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ጸጋ ብግቡእ ዘየፍርዩ እዩ ዘመልክት። ሎሚ ንሕና እውን ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ዓቕምን ጸጋን ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ገርና እንተ ዘየፍረና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸብጻብ ክንሕተት ኢና።

እዚ ምሳሌ እዚ ብዛዕባ እቶም ካብ ሓደ ሃብታም ብለቓሕ ወሲዶም ክኸስቡ ዝደልዩ እዩ ዝናገር፥ ማለት ካብ ብዓል ገንዘብ ወሲዶም ከሲቦም ለቕሕኦም ዝኸፍሉ። ኣብዚ ናይ እቲ ጎይታ ሕያውነት ክንርኢ ንኽእል። እቲ ዝተዋህበ ገንዘብ ከምድላዮም ከጥፍእዎ ዘይኮነ ከፍርዩሉ እዩ ተዋሂቡ። እቶም ክልተ ቀዳሞት ከምቲ ጎይትኦም ዝተጸበዮ ነቲ ዝተዋህቦም ገንዘብ ከም ግቡእ

ጽዒሮም አፍርዮምሉ በዚ ኸአ ዕጽፊ ገሮምሉ። እቲ ሳልሳይ ግን ገንዘቡ ኣብ መሬት ቀቢርዋ (በቲ እዋን ዝበለጸን ዋሕስ ዘለዎ ገንዘብካ ሓደ ኣብ ዘይፈልጦ ኣብ መሬት ምቕባር እዩ)።

እቲ ጎይታ ምስ መጸ እቶም ክልተ ቀዳሞት ጸብጻቦም ኣቕሪቦም። እቲ ጎይታ ብዝያዳ ተሓጒሱ ዝያዳ ክውሃቦም እሙናት ኮይኖም። ንነፍስወከፎም ጽቡቕ ኣታ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ ብውሑድ ተኣሚንካ ኢኻ እሞ ኣብ ልዕሊ ብዙኅ ክሸመካ እየ ናብ ሓጎስ ጎይታኻ እቶ” ተባሂሎም።

**ኣምላኽ ካብ ንነፍሲ ወከፍና ዝሓተና ነገር ኣሎ፡**

- **ክነፍሪ ጸግኡ ሂቡና ኣሎ።** ኣብዚ እንውሃቦ ጸጋ ንርእስና ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንገብርን ንርእስና ኸአ ኣብ ጽቡቕ መዓላ ኣውዒልና ሕጉስ ሕይወት ክነብር። ኣምላኽ ጸግኡ ክህበና እንከሎ እምብኣር ብዓላማ እዩ። ስለዚ ነፍሪ ዘሎና ወይስ መኻናት ኮና ኣሎና።
- **ከምቲ ጎይታ ንረብሓ ርእሱ ዘይኮነ ኣምላኽ ንኣና ክንጥቀም እዩ ጸግኡ ዝህበና።** ኣምላኽ ብስራሕና ክኸስብ ኢሉ ኣይኮነን ጸግኡ ዝህበና ንሕና ኣብ ሕይወቱ ሱታፌ ክህልወና እሞ ምሉእ ሓጎስ ክንረክብ። ሕይወትና ምሉእ ዕረፍትን ሓጎስን ዝረክብ ኣብ ኣምላኽ ክምለስ እንከሎ ማለት ንኣምላኽ ክረክብ እንከሎ ጥራሕ እዩ።
- **ጸጋ ኣምላኽ ንርእሰይ ጥራሕ ዝተዋህበ ኣይ** ኮነንን። ርሊጳ ፍራንቸስኮስ ንተመሃሮ ዘርኣ ክህነት ኣብ ዝተዛረብዎ “ጸዋዕት ክህነት ንዕግበት ርእስና ኣይ ኮነን ዝውሃበና። መምዘኒ ክህነት ምስ ህዝቢ ዘሎካ ርክብ እዩ ይብሉ። ኣምላኽ እምብኣር ጸግኡ ዝዕድለና ንኻልኦት ክነገልግልን ኣብ ካልኦት ክንልኣኽን እዩ። ዘሎኒ ውህበት ኣምላኽ ንኣይ ጥራሕ ዘይኮነ ንኣገልግሎት ኣሕዋተይ እውን እዩ።
- **ኣብ ቃል ኪዳን ክልቲኦም ነነድሕዶም ኣብ ምድሓን ክሕግዙ ዝተላእኩ እዮም።** ሓደ ነቲ ሓደ ህላዌ ኣምላኽ ኣብ መንግኦም ዝገልጽ ኽኸውን ይግባእ። እዚ ክገብሩ እንተ ኸኣሉ ጥራሕ እዩ ኪዳኖም ሓደ ካብቲ ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ክብሃል ዝኽእል። ስለዚ ኪዳነይ ንመን እዩ ዘንጸባርቕ ዘሎ ኢሎም ክሓስቡ ይግባእ።

ኵልና ተኸተልቲ ክርስቶስ ኣብ ተልእኮ ኣምላኽ ክንጽመድ እዩ ተልእኮና። ኣምላኽ ሰብ ኣብቲ ንሱ ዝገብሮ ስራሕ ክሳተፍ ይደልዮ ሽዑ ኣብ ጸግኡ ተሳቲፉ ፍሉይ ፍጥረት ይኸውን። ኣብ ጽቡቕ ስራሕ ክንጽመድ ከሎና ኣብ ስራሕ ኣምላኽ ኢና እንሳተፍ ዘሎና። ሱታፌና ብብዙሕ ነገር ክግለጽ ይክኣላ በቲ ተጸዊዕናሉ ዘሎና ሕይወት ሕጉሳት ክንከውን ንኣምላኽ ዘሓጉስ ነገራት ክንፈጥር ይግብኣና። ኣምላኽ ንዝሃበና ሰናይ ነገር ከምቲ ዝግብኦ ሒዝና ክንርከብ።

እቲ ብዓል ሓደ ምእክሊት ነታ ዝተዋህበቶ ሒዙ ቀሪቡ። ኣየፍረየን ምኽንያቱ ስለ ዝፈርሐ ነታ ዘላቶ ሓቢእዋ። ጎይታይ ዘይዘራእካዮ እትዓጽድ ዘይበተንካዮውን እትእክብ ጨካን ሰብኣይ ምዃንካ እፈልጠካ እየ ስለዚ ፈሪሀ ከድኩ ነቲ መክሊትካ ድማ ኣብ ምድሪ ሓባእክዋ ሕጂ ኸአ እንሆ ገንዘብካ በሎ። እዚ ብዙሕ ካብኡ ኣይተጸበየን ዝወሓደ እዩ ተዋሂብዎ ግን ከምቲ ዝተዋህቦ ኣይገበረን።

እቲ ጎይታ ሓያል ከምዝኾነ ኣይክሕድን ነቲ ሃካይ ኣገልጋሊ ኸአ ንገንዘቡ ክረብሓሉ ስለ ዘይሓገዞ ይብኣሶ። ኣብ ባንክ ከቐምጦ ምተኻእለ ሽዑ ወለድ ምረኸበሉ ነሩ እዚ ግን ንገንዘብ ጎይትኡ ኣምኪንዎ። በዚ ምኽንያት እቲ ገንዘብ ካብኡ ተወሲዱ ንዘፍርይዎ ተዋሂቡ። ዘገርም እዩ ንዘለዎ ዘበለ ኹሉ ይህብዎ ይውስኽዎ እውን ንዘይብሉ ግና እቲ ዘለዎ እኳ የግድፍዎ። እዚ ኣገልጋሊ ድኹም/ሕማቕ፥ ሃካይ፥ ዘይረብሕ ተባሂሉ ዝተዋህቦ ገንዘብ ይሕደግ ኣብ ጸልማት ኣብ ወጻኢ ይድርበ። ነዚ ዝተዋህቦ እኳ ከፍሪ ካብዘይከኣለ ካብ ገዛ ከውጽእዎ ይእዝዝ።

እዚ ናይ እቶም አምላኽ ዝተፈላለየ ጸጋ ሂብዎም ሓንቲ መዓላ ዘይገብሩ ወይ እውን አብ ክፍአትን ሕመቕን ጥራሕ ተጸሚዶም ናይ ዝነብሩ እዩ። አብ ሓሶት አብ ምጥፍፋእ ከምኡ ዝተፈላለየ ምኽንያት እናገብሩ ንክብሪ አምላኽን ሰብን ክጎድኡ ዝነብሩ ሰባት ዝነግር እዩ።

አብዚ ቅዱስ እዋን ጾም አብ ሕይወትና ተመሊስና፡

1. ንዝተዋህበና ጸጋ አለሊና ክንክእል። ኵልና ጸጋ ተዓዲልና ኢና፥ አብ ገለ እዋን ንዝተዋህበና አይንፈልጦን ወይ እውን አይንርእዮን ኢና ናይ ካልኦት ጥራሕ ንርኢ እሞ ከምዘይተዋህበና አብ ምስትምሳል ንነብር ስለዚ ንዝተዋህበና ጸጋ ንርአ እሞ ነመስግን።
2. ህያብ አምላኽ ክነፍሪ እዩ ዝውሃበና። ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ገርና ክነፍሪ ይግባእ። አብ አገልግሎት አምላኽን አሕዋትን ክንዕጠቕ ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ኮና ክነብር እዩ ድላዩ። ህያብ አምላኽ ንግላዊ ጥቕምናን ድለትናን ጥራሕ አይኮነን ዝውሃብ ንኻልኦት ክንሕግዘሉን ንርእስና ክንጥቀመሉን እዩ ዝውሃበና።
3. ንርእስና አብ ጽንኩር ነገር ክነእትዋ አሎና። ሰብ ጽቡቕ ክገብር እናጠዓሞ ዘይኮነ አብ ገለ እዋን ምስ ስምዒቱ እናተዋግአ አብ ገለ እዋን እውን ምስ ዘጋግዩ እናተቓለሰ እዩ አብ ዓወት ድሕነት ርእሱ ክበጽሕ ዝኽእል። እዚ ክገብር ግን ንመጻኢ ሕይወቱ ርእዩን አረጋጊጹን እንተ ኸደ ጥራሕ እዩ ክገብሮ ዝኽእል።
4. ከይጸዓርካ ድሕነት የለን። አምላኽ ከድሕነና ናታትና ተሳትፎ የድሊ። ነቲ አምላኽ ዝህበና ወይ ዝብለና እሺ ኢልና ክንቅበል አሎና ሽዑ ምስ ድላዩ ክንጉዓዝ ንኽእል። አብ ገለ እዋን ክርድአና ይኽእል እዩ አብ ገለ እዋን ግን ምቕባል ጥራሕ እዩ ምርጫና፥ ንድላይ አምላኽ አብ ፍረ ክነብጽሖ ደም ክንርህጽ አሎና።

አምላኽ ክፈጥረና እንከሎ ብሂጉ እዩ ፈጢሩና ምስኡ ክነብር አብ ሓጎስ ክነብር እንተ ኾነ ሕሱም ጸላኢ ገርና እዚ እንርእዮ ሕይወት ለቢስና። ድሕነት ነፍስና ጻዕሪ ሓቲቱ፥ አብ ጉዕዞ ሕይወት ዝፈታተን ነገራት በዚሑ በዚ ምኽንያት ብዙሓት ዓለውቲ ተረኺቦም። መንግስተ ሰማይ ብሓይሊ እትእቶ ኮይና። ጉዕዞ ሰማይ እምብአር እሙናትን ትጉሃትን ኮና ክንጉዓዞ አድልዩ። አብ ጉዓዞ ዝተፈላለየ ፈተናን ድኽመትን ይጓነፍ ስለ ዝኾነ እሙናት ኮና እቲ ዝክአለና ክንገብር ንዝተረፈ አብ ኢድ አምላኽ ክንሓድጎ ንሕተት አሎና።

አብ ግራት አምላኽ ክነፍሪ እዩ ጸዋዕታና አብ ካልእ ግራት ብላዕ ዘይኮነ አብ ግራትና አብ ቤትና አብ አሕዋትና ኢና ክንወፍር ዘሎና። አፍረይቲ ክንከውን። ክነፍርዮ ዝድለ ዘሎ ብዙሕ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ሎሚ ሰብ ሰላም ስኢኑ ምስ አምላኹን ምስ ሰቡን ጸጊምዎ አሎ፥ ሰላም ክንዘርእ ሕውነት ክነዕቢ ነቲ ከይነፍሪ ዘርኢ ክርዳድ ዝሕውስ ወይ እውን ከም ቍልላሕ ኮይኑ ከይነፍሪ ዝዓግት ሓይሊ እምቢ ኢልና ንድላይ አምላኽ ጽን ኢልና ንሰላም ክንወፍር እሞ አብ ኩሉ ፍቕሪ ክንዘርእ እዩ ድላይ አምላኽ።

ክነፍሪ ሓገዝ የድልየና ንሱ ኸአ ካብ አምላኽ እዩ፥ ንኹሉ ንአኻ ሒዘ ክገብሮ እጽዕር አሎኹ እሞ ምሳይ ኩን፥ ንበይነይ አይትሕደገኒ ኢልና ንለምኖ። እዚ ጾምና ፍረ ክህልዎ እምብአር ሎሚ እውን አብ አምላኽ ንመለስ ብኃጢአትና ተአሚና ምሓረኒ ሕደገለይ ንሓወይ ንሓፍተይ በደሎም ሓዲገ ክኽእል ከአ ጸጋኻ ሃበኒ ንበሎ።

ዝክአለና ምስ ገበርና ዝተረፈ ባዕሉ ክምልኦ እዩ። አብ ውሑድ እሙን/እምንቲ ኮንኩም ኢኹም እም አብ ብዙሕ ክሸመኮም እየ ክብለና እዩ። እሙናት አገልገልቲ ኮና አብ ግራት አምላኽ አፍረይቲ ንኹን።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ